Perth Children's Hospital

ሓቅታት ጥዕና

# ምዕጻው ጎሮሮ/Croup

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ማለት ኣብ ጎሮሮ ውሽጢ ዘሎ ላዕለዋይ ናይ መተንፈሲ ኣካል ብምጽብብ ዝፍጠር ልሙድ ናይ ህጻናት ሕማም ኢዩ። እቲ ህጻን ከስተንፍስ ከሎ ዝፍጠር ቀጢን ድምጺ (ስትሪዶር ዝባሃል)፣ ዝተፈላለየ ደረጃ ጸገም ምስትንፋስ ድማ ከጋጥም ይኽእል ኢዩ።

## ምዕጻው ጎሮሮ/Croup እንታይ ኢዩ መንቀሊኡ?

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ኣብ ኣዋርሕ ክረምቲ ዝኸሰት ልሙድ ሕማም ኮይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ድሕሪ ምልካፍ ቫይረስ ዝመጽእ ኮይኑ ብጸረርታ ኣፍንጫ፡ ሰዓል ወይ ረስኒ ዝጅምር እዩ። ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ዝፍጠር እቲ ረኽሲ ኣብ ከባቢ መትሓዚ ድምጽን (ሳንዱቕ ድምጺ)ን ትራኪያን (መገዲ ኣየር) ሕበጥ ከስዕብ ከሎ እዩ።

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ካብ 3 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘለዉ ህጻናት ዝያዳ ይርአ። ምኽንያቱውን ሕንጠያትን ዓበይቲ ህጻናትን ኣዝዩ ዝነኣሰ መስመራት ኣየር ስለዘለዎም ኢዩ።

## እንታይ ክፍጠር ይኽእል?

ውላድኩም ከቢድን ተሪርን ሰዓል፡ ቀጢን ላሕታት ድምጺ ምናልባት እውን ስትሪዶር (ጭርጭር ዝብል ድምጺ ዘለዎ ምስትንፋስ) ከማዕብል ይኽእል። ክረስንውን ይኽእል ኢዩ እዞም ምልክታት መብዛሕትኡ ግዜ ምሸት ወይ ብለይቲ ዝረኣዩ ኮይኖም፡ ውላድኩም እንተተረቢሹ ድማ ክገድዱ ይኽእሉ።

ምግዳድ ናይቲ ኩነታት ዘርእዩ ካልኦት ምልክታት፥ ከም ቆርበት ምምጣጥ (ኣብ ልዕሊ ዓጽሚ ጡብ፡ ኣብ ቅድሚ ክሳድን ኣብ መንጎ መሰንገለን) ምቕያሕ ቀዳድ ኣፍንጫን ዕረፍቲ ዘይምህላውን ይርከብዎም። እቲ ኸቢድ ሰዓል ንውሱን መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ፣ እቲ ድምጺ ዝበዝሐ ምትንፋስ ድማ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል ኢዩ።

## ኣብ ገዛ ክግበር ዝግቦእ ክንክን

መብዛሕትኦም ናይ ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ሕማማት ኣብ ገዛ ክንክን ክግበረሎም ዝኽእሉ ኢዮም።

ውላድኩም ብርቱዕ ሰዓል ጥራይ እንተሃልይዎ ኮይኑ ግን ተዛናይ፥ ሕጉስን ዘይጭነቕን (ንኣብነት ከምቲ ልሙድ ምጽዋት፡ ምብላዕን ምስታይን) እንድሕር ኮይኑ ኣብ ገዛ ዝግበር ሕክምና እዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ፤

- ብቐረባ ምክትታል
- ኣብ ምውቕ ዝበለ ቦታ ምጽናሕ
- ምሕጋዝን ምርግጋእን
- ቃንዛ ዘቃልሉ መድሃኒታት (ንኣብነት ፓራሲታሞል ወይ ኢቡፕሮፈን – ኣብ ጥርሙዝ ዘሎ መምርሒታት ተኸተል) ቃንዛ ንምቕናስ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ጠንቂ ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ዝኾነ ቫይረስ ናብ ካልኦት ክላባዕ ስለዝኽእል፡ ነቲ ህጻን ጥዕና ኣብ ዘይብሉ እዋን ተፈልዩ ክጸንሕን ጽቡቕ ግሊጋሎት ጽሬት ድማ ክወሃቦ ኣለዎ።

## ሕክምናዊ ክንክን መዓስ የድሊ

ውላድኩም ካብዞም ዝስዕቡ ዝኾነ እንተ ኣማዕቢሉ ናብቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ሓኪም ወይ ኣብ ቀረባ ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ንሕክምናዊ ገምጋም ክትወስድዎ ኣለኩም፤

- ጸገም ምስትንፋስ (ካብ ንቡር ዝቐልጠፈ ወይ ዝተጎተተ ፡ ምምጣጥ ቆርበት - ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ)።
- ምግቢ ናይ ዘይምብላዕ ጸገም (ካብቲ ብንቡር ክበልዖ ዝጸንሐ ትሕቲ ፍርቂ እንድሕር ዝበልዕ ኮይኑ)
- ቆርበቱ ናብ ሰማያዊ ወይ ጻዕዳ እንድሕር ተቐይሩን ሓያል ድኻም እንትህልዩዎ

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ቀልጢፉ ስለገድድ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ውላድኩም ካብተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ቀንዲ ምልክታት ገሊኤን እንድሕር ዘለዎ ኾይኑ ቀልጢፍኩም ናይ ሕክምና ረድኤት ንኽረክብ ግበሩ ( 000 ደዊልኩም ኣንቡላንስ ክትጽውዑ ከድልየኩም ኢዩ)

## ሕክምና

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup መብዛሕትኡ እዋን ብጠንቂ ቫይረስ ዝለዓል ስለዝኾነ፥ ጸረ ረኽሲ መድሃኒት ኣይሕግዝን።  ንኣሽቱ ንጽል መጠን ስቴሮይድ መድሃኒታት (ዴክሳሜታዞን ወይ ፕረድኒሶሎን) ነቲ ኣብ መስመር ኣየር ውላድኩም ዘሎ ሕበጥ ብምንካይ ብቐሊሉ ከስተንፍስ ይሕግዞ ኢዩ። እዚ መድሃኒት ካብ ዝሃብክምዎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ካብቲ ምልክታት ጸገም ምስትንፋስ ዕረፍቲ ክረክብ ይኽእል ኢዩ።

ውላድኩም ብመድሃኒት ስቴሮይድ ድሕሪ ምሕካምኩም ንውሱን  መዓልታት  ምልክታት እቲ ሕማም ቫይረስ ክህልዎ ይኽእል።

ከቢድ ሕማም ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ተወሳኺ መድሃኒት ክረኽቡን ኣብ ሆስፒታል ክድቅሱን ከድልዮም ይኽእል ኢዩ።

## ክደግስ/ከም ብሓድሽ ክመጽእ ይኽእል'ዶ?

ምዕጻው ጎሮሮ/Croup ብጠንቂ ተኸታታሊ ሰዓላት ክምለስ ይኽእል ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ድግሲ ከምቲ ቀዳማይ ብጥንቃቐ ክሕከም ኣለዎ።

መስመር ኣየር ውላድኩም እናዓበየ ምስ ከደ ክዓቢ'ዩ ከምኡ'ውን ከምኡ ስለዝኾነ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ውላድኩም ዕድሚኡ 6 ዓመት ምስ መልአ ምድግጋም ሕማም ምዕጻው ጎሮሮ/Croup እንዳወሓደ ይኸይድ።

ዘሰክፈኩም ካልእ ነገር እንተሃልዩኩም ንውላድኩም ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ ናብ  ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ውሰድዎ።

Government of **Western Australia**
**Child and Adolescent Health Service**

**Child and Adolescent Health Service**
15 Hospital Avenue, Nedlands, WA, 6009.
ቁጽሪ ስልኪ: (08) 6456 2222
ብክፍሊ ህጹጽ ሓገዝ ዝተዳለወ
Ref: 316.10 © CAHS 2023

እዚ ሰነድ እዚ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝተሓተተሉ ኣገባብ ብኣማራጺ ቅርጺ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።

**መዘኻኸሪ:** እዚ ሕታም እዚ ንሓፈሻዊ ትምህርትን ሓበሬታን ተባሂሉ ዝተሓተመ ኢዩ። ንዝኾነ ድልየት ሕክምናዊ ምኽሪ ንብዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ኣዘራርቡ
© State of Western Australia, Child and Adolescent Health Service